# ነዚ ሽወደናዊ ሞዴል ኢልና ንጽወዖ - ብኸምዚ ድማ ይሰርሕ!

ኣብ ሽወደን ሕግታትን ሓባራዊ ልዝብን ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ብሓባር የገልግሉ። እዚ ማለት፡ ወይ ብሕጊ ወይ ብሓባራዊ ልዝብ ዝምርሑ ክልተ ሞዴላት ዕዳጋ ስራሕ ኣይኮነን ዘለና። ሓደ ሞዴል ጥራይ እዩ ዘለና፣ ሰረት ናይ'ዚ ሞዴል ድማ ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ኣስራሕትን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ስራሕ ከገልግሉ ዘለዎም ቅድመ ኩነታት ብምልዛብ፡ ነቲ ስምምዕ ኣብ ሓባራዊ ልዝብ የስፍርዎ።

## ሕግታት

እዞም ሕግታት ነቲ ዕዳጋ ስራሕ ስርዒት ይፈጥሩሉ። ገለ ካብ'ቶም ሕግታት ብስምምዕ ክሰዓቡ ወይ ክንጸጉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ማለት እቶም ወገናት ዕዳጋ ስራሕ ነቲ ሕጊ ዝጠልቦ ዘይኮነ ንኻልእ ቅድመ ኩነታት ክሰማምዑ ይኽእሉ እዮም።

ሕግታት ዘየማሕድርዎም ብዙሓት ነገራት ግን ኣለዉ። ንኣብነት ደሞዝ። ንኣብነት ኣብ ሽወደን ብሕጊ ዝተደንገገ ዝተሓተ ደሞዝ ከምዘየለ ትፈልጡ'ዶ? ኣብ ክንድኡ ብሓባራዊ ልዝብ እዮም ዝመሓደሩ። ዓመታዊ ወሰኽ ደሞዝ ክትረክብ ኣለካ ዝብል እውን ኣብ ሕጊ ዝሰፈረ የለን።

## ሓባራዊ ልዝብ

ኣብ ክንዲ ንመላእ ዕዳጋ ስራሕ ዘገልግል ዘይርዕም ደረቕ ሕግታት፡ ሽወደናዊ ሞዴል ብልዝብ ማሕበር ሰራሕተኛታትን ኣስራሕትን ዝህነጽ ሓባራዊ ልዝብ እዩ። እዚ ሓባራዊ ልዝብ ንነፍሲ-ወከፍ ጽላታት ስራሕ ምስ ቅድመ-ኩነታቱ ዝርዕም ተዓጻጻፍነት ይፈጥረሉ። ንኣብነት ክፍሊት ተወሳኺ ሰዓታት፣ ካብ ንቡር–ሰዓታት ወጻኢ ምስ ትሰርህ ዝወሃብ ክፍሊት፣ ምንካይ ሰዓታት ስራሕን ወሰኽ ደሞዝን ዝኣመሰሉ በዚ ልዝብ ይምርሑ።

ሓባራዊ ልዝብ፡ ኣስራሒ ሃንደበት ነቲ ውዕል ስራሕ ንኸየኽፍኦ ጸወን ይህብ። ከም'ዚ እንተ ዘይከውን ነይሩ፡ ኣስራሒ ብእለቱ ነቲ ቅድመ-ኩነት መበላሸዎ ነይሩ። ሓቢርና ምስ ንላዘብን ጠሚርና ደው ምስ ንብልን፡ ካብቲ ብውልቂ ንረኽቦ ረብሓ ንላዕሊ ዝሓሸ ውዕላት ክንረክብ ንኽእል።

## መሰል ኣድማን ናይ ሰላም ግዴታን

ማሕበር ሰራሕተኛታትን ኣስራሕን ሓባራዊ ልዝብ ምስ ዝፈራረሙ ናይ ሰላም ግዴታ ክሰፍን ኣለዎ። እዚ ማለት ኩነታት ስምምዕ ብዝምልከት ኣብ'ቲ ስምምዕ ዝምልከቶ እዋን፡ ክልቲኦም ወገናት ተጻይ ዝኾነ ስጉምቲ ክወስዱ ኣይክእሉን እዮም። እቲ ኣብ ስምምዕ ዝተበጽሐን ኣብቲ ስምምዕ ሰፊሩ ዘሎን እዩ ከገልግል ዘለዎ።

ብኣንጻሩ ሓደ ወገን ሓባራዊ ልዝብ ክትግበር ምስ ዝጠልብ ግን እቲ ካልእ ወገን ነቲ ጠለብ ምስ ዘይቅበሎ፡ ብመሰረት ሕጊ ቅዋም ሃገር ተጻይ ስጉምትታት ናይ ምውሳድ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ማለት ኣባላት ማሕበራት ሰራሕተኛታ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ሓባራዊ ልዝብ ጠሊቦም ምስ ዝሕሰሞም፡ ከም ስራሕ ደው ምባል ዝኣመሰሉ ናይ ኣድማ ስጉምቲ ክወስዱ ይኽእሉ። ካልኦት ማሕበራት ሰራሕተኛታት እውን ነታ ኣብ ግርጭት ትርከብ ትካል፡ ንኣብነት ዕማማታ ንኸይተሰላስል ሰራሕተኛታት ብምዕጋት፡ ነቶም ኣብ ኣድማ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ንምድጋፍ ናይ ምድንጋጽ ስጉምትታት ክወስዱ ተኽእሎ ኣሎ።

ኣስራሒ ብወገኑ፡ በቲ ዕጽዋ(lockout) ዝበሃል፡ ሰራሕተኛታት ብዘይ ደሞዝ ካብ ስራሕ ክግልል ይኽእል እዩ። ኣስራሕቲ ስራሕ እውን ናይ ምድንጋጽ ስጉምቲ ንኽወስዱ ተኽእሎ ኣለዎም።

ሳላ እቲ ማሕበራት ኣስራሕትን ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ሓቢረን መስርሕ ደንብታት ሓባራዊ ልዝብን ዝሰማምዑሉ፡ ኣብ ሽወደን ርጉእን ህዱእን ዝኾነ ዕዳጋ ስራሕ ኣሎ። ምስተን ካልኦት ብሕጊ ኣብ ዝተደንገገ ዝምርኮሳ ሃገራት ክነጻጸር ከሎ፡ ኣብ ሽወደን ኣዝዩ ሒደት ናይ ኣድማ መዓልታት እዩ ዘሎ።

## ሚዛን ሓይሊ

እዚ ሽወደናዊ ሞዴል ብጥንቃቐ ዝተሓሰበ እዩ። ክልተ ወገናት ንኩነታት ዝውስኑ ደንብታት ምስ ዝሰማምዕሎም ርግኣት ይፍጠር። መብዛሕቶም እቶም ስምምዓት ብሕግታት እንተ ዝግዝኡ፡ ድሕሪ ምርጫ ፓርላማ ጸብለልታ ዝረኸበት ሰልፊ ብመሰረት መትከላ ነቶም ሕግታት ክትቐያይሮም ትኽእል። ድሕሪኣ ትመጽእ ሰልፊ እዉን ከምኡ። ስለ'ዚ እቶም ሰራሕተኛታት መሰላቶም ትድግፍ ሰልፊ ኣብ ስልጣን ንኽትመጽሎም ይጽበዩ።

እዚ ሽወደናዊ ሞዴል ግን ሓላፍነት እውን ይሓትት እዩ። እቶም ወገናት ነዚ ሞዴል ብትኽክል እንተ ዘይኣመሓደርዎ፡ ኣብ ቀጻሊ ዝያዳ ፖለቲካዊ ምትእትታው ክዕድም ይኽእል። ብውሕዱ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ'ዚ ጕዳይ ይኣትዎ። ስለ'ዚ ኣብ ልዝብ ቅድመ-ኩነታት፡ ሓላፍነተን ዝስከማ ጥራሕ ዘይኮነ ተዛማዲ ወይ ማዕረ ሓይሊ ዘለወን ወገናት ክህልዋ ይጥለብ።

ስለ'ዚ ኣብ ልዕሌና እቶም ሰራሕተኛታት ዝኾና ዘሎ ሓላፍነት ከቢድ እዩ። ሓድነትና ኣደልዲልና ደው ዝበልና ብዙሓት እንተ ዘይኮይና ኣብ'ቲ ልዝብ ድኹማት ንኸውን። እቶም ኣስራሕቲ ብፈለማኡ ብልጫ ኣለዎም፣ ምኽንያቱ ነቶም ፋብሪካታት ዝውንኑን ስራሕ ክመርሑን ከከፋፍሉን መሰለ ስለ ዘለዎም። ስለዚ ድማ እዩ ብዙሓት ክንከውን ኣገዳሲ ዝኾነ። ኣብ'ቲ ሓባራዊ ልዝብ፡ ኣዕጋቢ ቅድመ-ኩነታት ክንረክብ እንተ ኾይና ንስኻን መሳርሕትኻ ብጾትካን ክትጽምበሩና የድሊ።

IF METALL